BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## What time is it?

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም: እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ'ዚ ኣገደስቲ ናይ ኣንግሊዝኛ ዝርርብ ሒዙልኩም ክቀርብ እዩ። ኣነ ተኽልማሪያም በኪት እየ፡ ኣብዚ ክፋል እዚ፡ ከመይ ጌርኩም ሰዓት እትሓቱን እትነግሩን ክትምሃር ኢና።
እዞም ክልተ ብዛዕባ ሰዓት ዝዘራረቡ ዘሎው ሰባት ጽን ኢልና ንስማዕ።

***Sian***
*Hi Phil, what time is it?*

***Phil***
*It's eight forty five.*

***Sian***
*Aaargh, I start work at ten to nine…I'm late! Bye!*

***Phil***
*Bye!*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝበለ እንተመሲሉ ኣይትሻቀሉ፡ እዚ ምይይጥ'ዚ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱ ክንሕግዘኩም ኢና።
መጀመርያ ፊል ንሾን ሰዓት ክንደይ 'what time' ኢሉ ይሓታ። ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።

*What time is it?*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ፊል ሰዓት ሸሞንተን ኣርብዓን ሓሙሽተን 'eight forty five' ኣሎ ኢሉ። መጀመርያ ነቲ ሰዓት ንጠቅስ ቀጺልና ድማ ደቃይቅ ንጠቅስ። ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።

*It's eight forty five.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሻቕሎታ ንምግላጽ ሾን ዋእ 'aaargh' በለት። ዓሰርተ ጐደል ንትሽዓተ 'ten to nine' ስራሕ 'start work' ጀሚረ ኢላ። ኣብ ኣተሓባብራ ሰዓት ንጐደል ንምግላጽ 'to' ንጥቀም። ንኣብነት ዓሰርተ ጎደል ንትሽዓተ 'ten to nine' ንብል። ዓሰርተ ጎደል ንትሽዓተ 'ten to nine' ማለት ድማ ልክዕ ሸሞንተን ሓምሳን ማለት እዩ። ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።


© British Broadcasting Corporation 2018

*Aaargh, I start work at ten to nine.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሾን ድማ ደንጉየ ‘late’ ኢላ። ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ።

*I’m late! Bye!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ነዞም ሰባት ብምስማዕ መልስታትኩም ፈትሹ። ዕስራ ጎደል ንሓደ ኣሎ፡ ኬቨን ድማ ንምሳሕ ደንጉዩ’ሎ።

*Hi Kevin, what time is it?*

*It’s twenty to one.*

*I usually have lunch at twelve, I’m late!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰዓት ሸሞንተን ዕስራን ኣሎ፡ ገሪይ ድማ ንስራሕ ቀልጢፉ መጺኡ’ሎ።

*Hi Rachel, what time is it?*

*It’s eight twenty.*

*I start work at nine o’clock, I’m early!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ እምበኣር፡ ደጊምና ንፈትን። ጽን ኢልኩም ብምስማዕ ድገምዎ፡ንነፍስወከፍ ምሉእ ሓሳብ ክልተ ግዜ ክትሰምዑወን ኢኹም።

*What time is it?*
*What time is it?*

*It’s eight forty five.*
*It’s eight forty five.*

*I start work at ten to nine.*
*I start work at ten to nine.*

*I’m late! Bye!*
*I’m late! Bye!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ እምበኣር፡ ሕጂ ማዕረ ክንደይ ነቲ ዝተማሃርኩሞ ቋንቋ ኢንግሊዝ ከምትዝክርዎ ነብስኹም እትግምግሙሉ ግዜ ኣኺሉ እዩ። ነዚ ብትግርኛ ትሰምዕዎ ምሉእ ሓሳባት ብእንግሊዝኛ ድገምዎ።


© British Broadcasting Corporation 2018

*ሰዓት ክንደይ ኣሎ?*
*What time is it?*

*ሰዓት ሸሞንተን ኣርብዓን ሓምሽተን ኣሎ።*
*It’s eight forty five.*

*ስራሕ ዓሰርተ ጎደል ንትሽዓተ ይጅምር።*
*I start work at ten to nine.*

*ደንጉየ ኣለኹ! ቻው!*
*I’m late! Bye!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! ሰዓት ምሕታትን ምሕባርን ተማሂርኩም ኣሎኹም። ንሾን ብምምላስ ልምምድኩም ቀጽሉ።

*What time is it?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፤ ሕጂ ነቲ ዝርርብ ብምሉኡ ብምስማዕ፡ መልስታትኩም ፈትሹ።

***Sian***
*Hi Phil, what time is it?*

***Phil***
*It’s eight forty five.*

***Sian***
*Aaargh, I start work at ten to nine…I’m late! Bye!*

***Phil***
*Bye!*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ኣዚዩ ጽቡቕ! ሕጂ ሰዓት ክንደይ ምዃኑን ከምዘሎን ብእንግሊዘኛ ተማሂኩም ኣሎኹም። ልምምድ ብምግባር ኣይትረስዑ። መሓዛ ኣናዲኹም፡ ብኢንግሊዘኛ ሰዓት ክንደይ ከምዘሎን ምዃኑን እናተሐታተትኩም ልምምድ ኣኻይዱ። ኣብ ዝቅጽል Essential English Conversation ክሳብ ንራኸብ ድሓን ኩኑ። Bye!


© British Broadcasting Corporation 2018